# ክታበት ሄፓታይተስ ቢ ውሰዱ ክታበት ሄፓታይተስ ቢ (HBV)!








**እዚ ክታበት ካብ ምንታይ ይከላኸል፤ እዚ ክታበት ካብ ሕማም ሄፓታይተስ ቢ ይከላኸል።**

- ሄፓታይተስ ቢ (ወይቦ)፡ ረክሲ ጸላም ከብዲ ኮይኑ ብቫይረስ ሄፓታይተስ ቢ ዝመጽእ ረኽሲ እዩ። ካብ 10 ብሄፓታይተስ ቢ ዝለከፋ ሰባት ገምጋም 1 ሰብ ሕዱር ረኽሲ ከማዕብል ይኽእል ። ሕዱር ረኽሲ ሄፓታይተስ ቢ ሓደገኛ ጉድኣት ጸላም ከብዲን (ሲሮሲስ)፡ መንሽሮ ጸላም ከብዲን ከምኡ ዉን ክሳብ ሞት ከስዕብ ይኽእል።
- ሄፓታይተስ ቢ ምስ ደምን ፈሳሲ ኣካላትን ናይ ሓደ ዝተለኸፈ ሰብ ብምርኻብ ይሳባዕ። ብሕርሲ፣ ብመርፍእ፣ መላጸ፣ መቑረጺ ጽፍሪ፣ ወይ ብራሽ ስኒ ብሓባር ምጥቃም፣ ብግቡእ ዘይተጸረጉ መሳርሒታት (ከም ምንቃስን ምውጋእን ኣካላት ዝውዕሉ መርፍእ) ብምጥቃም፣ ብጾታዊ ርክብን ወዘተ ክመሓላለፍ ይኽእል።

**እዚ ክታበት መን ክወስዶ ኣለዎ.:**

- እዚ ክታበት ከም ኣካል ናይቲ ስሩዕ መደብ ክታበት ቤት ትምህርቲ ንተማሃሮ 6ይ ክፍሊ (ዕድሚኦም ካብ 11-12 ዓመት) ዝወሃብ እዩ።
- ኣብቲ ልሙድ ግዜ ክታበት ምውሳድ ዘይከኣሉ ተምሃሮ 9ይ ክፍሊ (ካብ 14-15 ዓመት) ኣብ ቤት ትምህርቲ ክወስዱ ይኽእሉ እዮም። ብፍሉይ ናይ ጥዕና ጸገማትን ወይ ምስ ትሰርሑ ዓይነት ስራሕ ንሕማም ሄፓታይተስ ቢ ዝተቃላዐ ምስትከዉን ነዚ ክታበት ክትወስዶ ይግባእ።

**እዚ ክታበት ክወስዶ ዘይብሉ መን እዩ:** ኣለርጂ ናይ ንገለ ክፋል ናይቲ ክታበት ምስትከዉን ወይ ድማ ድሕሪ እዚ ክታበት ወይ ገለ ክፋሉ ምስወሰድካ ከቢድ ወይ ዘይልሙድ ጎናዊ ሳዕቤናት ገርልካ ዝፈልጥ ምስዝከዉን ነዚ ክታበት ክትወስዶ ኣይግባእን።

**እዚ ክታበት እንታይ ጎናዊ ሳዕቤናት ኣለዎ:**
እቶም ጎናዊ ሳዕቤናት ልኡማትን ግዝያውያንን ኮይኖም ኣብቲ መርፍእ ዝተወግአሉ ቦታ ምቅያሕ፡ሕበጥ፡ቃንዛ፣ ብኽያት፡ ድኻም፡ ቁጥዐ፡ ሰዓል፡ ሸውሃት ምግዳል ወዘተ የጠቓልሉ። ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ኣካል ዝሑልን ጽሩይን ጨርቂ ብምቕማጥ ክመሓየሹ ይኽእሉ። ረስኒ ወይ ቃንዛ ንምቁጽጻር ከም ኢቡፕሮፈን ወይ ኣሰታሚኖፈን ዝኣመሰሉ መድሃኒታት ክውሰድ ይከኣል።

**ዝኾነ ተወሳኺ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ወይ ብዛዕባ ክታበትኩም መደብ ክትገብሩ ምስ እትደልዩ፡ ክትገብሩ ትኽእሉ:**

- ናብ ሄልዝ ሊንክ (Health Link) 811 ደውሉ፡
- ናብ መስመር ቴሌፎን AIMGA’s Multi-lingual Health Hub for Newcomers 1-587-392-8062 ደዉሉ፡
- ናብ ሓኪም ስድራቤትኩም ወይ ናብ ፕራይሜሪ ኬር ኔትወርክ(primary care network)ተወከሱ፡
- ናብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝወሃቦ ዝሕብሩ ሞያውያን booking.aimga.ca ሓገዝ ንምርካብ ቆጸራ ሓዙ።

AIMGA Alberta International Medical Graduate Association

ACTION 4 HUMANITY DEVELOPMENT FOUNDATION CREATING BRIGHTER FUTURE

Public Health Agency of Canada | Agence de la santé publique du Canada